OM KLÆR I BARNEHAGEN
**TIGRINJA**

# ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ንጥቀመሎም ልባሳት



## ልባሳት

እቲ ቈልዓ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ዝለብሶም ዓይነት ልባሳት ከይረስሑ ወይ ከይበላሸዉ ዝብል ስክፍታ ዘሕድሩልኩም ክኾኑ ኣይግብኦምን። እቶም ልባሳት ክትለብሶምን ክተውጽኦምን ቅልል ዝበሉ ክኾኑ ይግብኦም፡ ከምኡውን እቲ ቈልዓ ክንቀሳቐሰሎም ምቹኣት ወይ ምእሙኣት ክኾንሉ ኣለዎም። ኣብ ባርገን ብዙሕ ዝናብን ተቐያያሪ ኩነታት ንፋስን እዩ ዘሎ፡ ስለዚ ንቈልዑ ቅኑዕ ልባሳት ምልባስ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ቈልዑ ክቑሩ የብሎምን፡ ኮይኑ ከብቅዕ ግና ንጡፋት ስለ ዝኾኑ ዝለብሱዎ ልባሳት ብኲቱር ምብዝሑ ካብ ጸወታን ምንቅስቓስን ዝገትኦም ክኸውን የብሉን። ሰራሕተኛታት ኣጸደ-ህጻናት ምስ ዝተፈላለየ ኩነታት ኣየር ዝኸይድ ክዳውንቲ ምምራጽ ክሕግዙኹም ይኽእሉ እዮም።

## ምምልካት ልባሳት

እቲ ቈልዓ ልባሳቱ ንቤቱ ሒዙ ንክምለስ ብምሉኡ ልባሳቱ ብስሙ ከተመልክቱሉ ይግበእ። ብውሽጣዊ ወገን ናይቶም ክዳውንቲ/ልባሳት ዝልጠፍ ስም ዝጸሓፎ ወረቓት ብኢንተርነት ክትጠልቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብብርዒ/ቻርኮል እውን እቶም ክዳውንቲ ብስም እቲ ቈልዓ ከተመልክቱሎም ትኽእሉ ኢኹም።

## ኣብ ኣጸደ-ህጻናት እንታይ ዓይነት ልባሳት እዮም ዘድልዩዎ፧

ዝናብ ኣብ ዝዘንበሉ ወይ ኣብ ደገ ኣዝዩ ጠሊ ኣብ ዝኾነሉ እዋናት እቲ ቈልዓ ናይ ዝናብ ክዳውንትን ስቲባሎንን የድልዮ ኢዩ። ኩሉ ግዜ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ኩሉ ክፋላት ዘጠቓለለ ናይ ዝናብ ልባሳት ከተጠንጥሉ ክጠቕመኩም ይኽእል እዩ። እቲ ናይ ዝናብ ክዳውንቲ ምስ ረስሐ ድማ ንቤትኩም ወሲድኩም ትሓጽቡዎ።

እቲ ቈልዓ መዓልታዊ ናይ ውሽጢ ሳእኒ ወይ ሸበጥ መሳሊ ግድን እዩ ክለብስ ዘለዎ። እቲ ባይታ ኣጸደ-ህጻናት ሸታሕታሕ ዘብል ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ እቲ ቈልዓ ካልሲ ጥራሕ እንተደኣ ለቢሱ ሸታሕ ኢሉ ክወድቕ ይኽእል እዩ። እቲ ባይታ እውን ጥልቁይ ክኸውን ስለዝኽእል እቲ ቈልዓ ሸበጥ ወይ ናይ ውሽጢ ሳእኒ እንተ ዘይለቢሱ ኣእጋሩ ክጥልቂ ይኽእል እዩ።





© Trude Haugen



© Trude Haugen



© Nina Honningsvåg Træet

## ተወሰኽቲ ልባሳት

ቈልዑ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ክጻወቱ ከለዉ ክጥልቀዩን ክረስሑን ንቡር እዩ። ሽዑ ክዳውንቲ ክቕይሩ ኣሎዎም። ስለዚ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ተወሳኺ ቅያር ክዳውንቲን ልባሳትን ተቐሚጡ ክጸንሕ ኣድላዪ ይኸውን፡ ከምኒ ቡታንቲ፡ ካልስታት፡ ታይት ስረ/ሹራብ (strømpebukse)፡ ማልያ፡ ጎልፎን ስረን ዝኣመሰሉ ልባሳት ማለት እዩ። ሕልፍ ሕልፍ ኢልካ ብቐጻሊ እቲ ቈልዓ ዘድልዮ ተወሳኺ ክዳውንቲ ኣሎዎ ድዩ የብሉን ምቍጽጻር ዘይምርሳዕ።

## ኣብ እዋን መንፈቕ-ወቕቲ ክረምቲ (sommerhalvåret)

ኲነታት ኣየር እናወዓየ ክመጽእ ከሎ እቲ ቈልዓ ፍኹስ ዝበሉ ክዳውንትን ኣሳእንን እዩ ዘድልዮ። ኣብ እዋን ወቕትታት ጽድያን ቀውዕን ቅጥን ዝበለ ቈብዕ፡ ከምኡ እውን ዘማሙቕ ውሽጣዊ ፎዶራ ዘይብሉ ምሉእ ልባስ/ኮምፕላሴን (parkdress uten fôr) ክጥቀም ይኽእል ኢዩ። ኣብ ደገ ብዙሕ ጸሓይ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ድማ ልዑል ደረጃ መከላኸሊ (solfaktor) ዘለዎ ካብ ጨረርታ ጸሓይ ዝከላኸል ክሬም/ቅብኣ ክማላእ ይግባእ። ከም ተወሳኺ ባርኔጣ ጸሓይ (solhatt) ወይ ቈብዕ (caps) ንርእሱ ዝከላኸለሉ ክህልዎ ጠቓሚ እዩ።







## ኣብ እዋን መንፈቕ-ወቅቲ ሓጋይ (vinterhalvåret)

ኣብ ደገ ቆራሪ ክኸውን ከሎ ነቲ ቈልዓ ዘማሙቖ ምሉእ ልባስ ወይ ኮምፕላሴኒ-ውርጪ (parkdress) የድልዮ። ኣብ ትሕቲኡ ድማ እቲ ቈልዓ ብጸምሪ (ull) ወይ (fleece) ዝበሃል ዓይነት ጸምሪ ዝተሰርሐ ጎልፎን ስረን ክለብስ ይኽእል። ብዝተረፈ ዘማሙቖ ቆቢዕ፡ብጸምሪ ዝተሰርሐ ካልስን ማይ ዘየእቱ ጫማን ክለብስ ኣገዳሲ እዩ።

## እቲ ቈልዓ ኣብ ደገ ኣብ ዓረብያ ክድቅስ ከሎ ክለብሶ ዘለዎ ልባሳት

እቶም ዝነኣሱ ቈልዑ ኣብ ውሽጢ ሓደ ምዓልቲ ዕረፍቲ የድልዮም እዩ። ኣብ ገሊኡ ኣጸደ-ህጻናት ቈልዑ ኣብ ደገ ኣብ ዓረብያ ሰራሕተኛታት እናሓለዉዎም ይድቅሱ ኢዮም። እቲ ቈልዓ ካብ ብዙሕ ክዳውንቲ ምልባስ ንኽድሕን ኣብ ውሽጢ ዓረብያ ዝኣቱ መማሞቒ ከረጺት ዓረብያ ክጥቀም ይሓይሽ። እዚ ኣብ ውሽጢ ዓረብያ ዝኣቱ መማሞቒ ከረጺት እንተደኣ ተጠቒምኩም ወላ ኣብ እዋን ወቕቲ ሓጋይ (vinter) እውን ቅጥን ዝበለ ብጸምሪ ዝተሰርሐ ክዳንውቲ ምኽዳን ኣኻሊ እዩ። ብዛዕባ ኣብ ዓረብያ ምድቃስ ዝኾነ ክትፈልጡዎ ትደልዩዎ ነገር እንተደኣ ሃልዩ ምስቶም ሰራሕተኛታት ተዘራረቡሉ።

## ካልእ

ከም ፓምፐር፡ ጡጦ ወይ እውን ምናልባሽ ቅብኣ ቈርበት መሳሊ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ተቐሚጡ ክጸንሕ ኣሎዎ።

BERGEN KOMMUNE


Foto forside: © Nina Honningsvåg Træet
Svanemerket trykksak, 2041 0731
Skipnes.no